# ታኅሣሥ 10 2015 ዓ.ም.
# December 20, 2022

# ኢዮቤል 150 ዓመት ምስረታ ዘርአ ክህነት ከረን።

## ነዚ ሰናይ ዜና ምስ ሰማዕኩ ልበይ ብሓጎስ መልአ።

ኤጳርቅና ከረን ናይ 150 ዓመት ኢዮቤል ዘርአ ክህነት ከረን ኃሙስ 13 2015 ዓ.ም. አብ ርእሰ አድባራት ብዓቢ ክብሪ ይብዓል ከምዘሎ ምስ ሰማዕኩ ፍሉይ ሓጎስን ተዘክሮን ጦብላሕ ኢሉኒ። ጸጋን ሓልዮትን ዘይፍለዮ ህዝቢ ሎሚ እውን ብዓቢ ምስጋና ናይ እቲ ምንጭን መሰረትን ካቶሊካዊ እምነት ዝኾነ ዘርአ ክህነትና ኢዮቤል ክነብዕል እንከሎና ንምሉእ ኤጳርቅናን ቤት ክርስትያናን ጌና አምላኽ ምሳና ከምዘሎ ዝነግር ህያው ምስክር ክርኢ ንዘብቅዐ አምላኽ ምሳኹም ኮይኑ ተምስገን አምላኽ እብል።

ደብረ ፅንሰታ ለማርያም ገዳም ዘርአ ክህነት አብዛ ቅድስቲ ሃገርናን ህዝብናን ካብ ዝምስረት 150 ዓመት ቖጺሩ አሎ። ነዚ ዝሃበ አምላኽ ብምሉእ ልብና ነመስግኖ። ንድሕሪት ግልጽ ኢልና ታሪኽ ቤተ ክርስትያናን ሃገርናን እዚ ገዳም እዚ መሰረት አብ ካቶሊካዊ እምነት ከምኡ ብኹሉ ቍጠባውን ማኅበራውን መዳይ አብ መጀመርያ ቅድሚ ናጽነት ሃገር ንመላእ ኢትዮጵያ አብ ዳሕራይ ዘመናት ከአ ንመላእ ኤሪትራ ዘፍረየ  ቅዱስ ገዳም እዩ። ታሪኽ ትምህርቲ ሃገርናን ካብዚ ገዳም እዩ መሰረቱ እንተ በልና ምግናን አይ ኮነን።

አምላኽ ሓጊዝዎም አብ መዓርገ ክህነት ዝበጽሑ ከምኡ ክበጽሑ ዘይክአሉ ግን አብ ኲሉ መዳያት መንግስቲ ዝመርሑን ዘመሓድሩን ዝፈረየ ገዳም እዩ። ብዙሓት ቅዱሳት ካህናት ካብዚ ገዳም ዝፈልፈሉ እዮም። አብ ታሪኽ ሃገር ዝዓበየ እጃም ዝተጻወቱ ካብዚ ገዳም ዝፈረዩ እዮም። ን150 ዓመት ካብ ዝትከል ምፍራይ ዘየቋረጸ ቅዱስ ቦታ ተስፋ ህዝብን ቤተ ክርስትያን ዝኾነ ገዳም እዩ።

እዚ ደብሪ እዚ አብ ምልእቲ ሃገር ንዘላ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን መሰረታ ተስፍአ ዝነበረን ዘሎን እዩ። ኩሎም አቡናት ቅድሚ ምስረታ ኤጳርቅና ዝነበሩ፥ መራሕቲ መንግስቲ አብ ጊዜ ኢትዮጵያ ከምኡ ንናጽነት ኤሪትራ አብ ዝተገብረ ቅልስ ዝተበጀዉ ብሕይወቶም ዘለዉ እሞ ዝመርሑ ዘፍረየ ታሪኽ ህዝብን ሃገርን ዝሓቖፈ ዘፍረየ እዩ። አብ ታሪኽ ደቂ ሰባት ከምዚ ዝአመሰለ ቅዱስ ነገር ዘፍርዩ ውሑዳት እዮም። ገዳምና አምላኽ ባሪኽዎ ብኹሉ መለክዒ ዘፍረየ ቅዱስ ቤት እዩ። ሎሚ አብ ምሉእ ዓለም እንተ ኸድካ ሳላ ገዳመይ ሰብ ኮይነ አብዚ ደረጃ በጺሐ ዘሎኹ ሳላ ቤተ ክርስትየነይ እናበሉ ዝምስክሩ ብዙሓት እዮም። እዚ ገዳም ብርእሱ ታሪኽ እዩ።

ሎሚ ናይ 150 ዓመት ኢዮቤል ክንዝክር ክነብዕል እንከሎና ንዝሓለፈ ህያው ታሪኽ አብ ቤተ ክርስትያንን ሃገርን ዘበርከቶ ክንርኢ፥ ከምኡ ንቅድሚት ርኢና ብዝያዳ ዝድልድለሉን ዘፍርየሉን ክንርኢ እሞ አብ እምነትና አፍረይቲ ክንከውን ዘዘኻኽር እዩ። ሰብ ትርጉምን ጥቕምን ዘርአ ክህነትና ክግንዘብ ታሪኽ ርእዩ ክኽእል አለዎ። እዛ ሎሚ እንርእያ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ፍረ ናይ እዚ ገዳም እያ። እዚ ገዳም ዘይሓገዞ ዘየፍረዮ አብ ሕይወት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን የለን። ስለዚ ብዓልና አብ ምሉእ ሃገር ክብዓል ይግባእ ምኽንያቱ ንምሉእ ሃገር ዝሕግዙ ዘገልገሉ ዘፍረየ ስለ ዝኾነ።

ነዚ ብዓል ኢዮቤል ክንዝክር እንከሎና ክንገብሮ ዘሎና ነገራት አሎና።

1. ንእምላኽ ክነመስግን አሎና። አምላኽ ብፍሉይ ኃልዮቱ እዚ ቅዱስ ገዳም አብ መንጎ ህዝብና ተደኲኑ ንቤተ ክርስትያኑን ህዝቡን ዘገልግሉ ዝመርሑ ዘፍረየልና ክነመስግን ይግብአና። ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ቅዱስ አቡነ ያዕቆብ ዩስጢኖስ ቅድሚ አብ ከረን ምትካሉ አብ ካልእ ቦታታት አብ ጎልዓ፥ አብ አኽሩር፥ አብ ባጽዕ ክምስረት ተፈቲኖም እዮም እንተ ኾነ ብዝተፈላለየ ምኽንያት አይ ኮነን። አምላኽ ደልይዎ አብዛ ሕጂ ዘለዎ አብዛ ውቅብቲ ከተማና ከረን ክስረት ደልዮሞ። እዚ ቦታ ብዙሕ ታሪኽ ዝተፈጸመሉ ከም ምኻኑ መጠን ታሪኽ ካቶሊካዊ እምነት እውን አብዚ እዩ መሰረቱ በዚ ንአምላኽ ነመስግን።
2. ንጉዕዞ ዘርአ ክህነትና ርኢና ንመጻኢ ቀጻልነቱ እጃምና ክንገብር አሎና። አቦታትና ንዝተዋህቦም ጸጋ አምላኽ ርእዮም ስለ ዝኽአሉ ዘልኦም ብምምጽዋትን ብሓላፍነት ብምእላይን አባና ከምዝበጽሕ ገሮሞ አለዉ ስለዚ ንሕና ተረክብቲ ታሪኽ/ሕድሪ ነዚ ቅዱስ ግብሪ ቀጸልቱ ክንከውን ናይ ነፍሲ ወከፍና ሓላፍነት እዩ። ብኹሉ ገዳምና ዝዓብየሉን ዝኹስኮሰሉን ክንገብር ሕልናዊ ሓላፍነት አሎና። ካቶሊካዊ አማናይ ገዳመይ ኢሉ ስለ ዝናበዮን ዝሓለዎን እዩ ክሳብ እዚአ እዋን በጺሑ ዘሎ። አቦታትና ገዳምና ኢሎም ካብኦም ዝድለ ኵሉ እናገበሩ ሓሊፎም፥ ንሕና ሎሚ እዚ ገዳም ሓገዝቱ ሓለውቱ ኮታስ ዋናታቱ ኮና ክንርከብ አሎና።
3. ቤተ ክርስትያን እትቕጽል ክህነታዊ አገልግሎት ክህሉ እንከሎ እዩ። ጓሳ ዘለውን እየን ዝስስናን ዝበዝሓን እምነትና ፍረ ዝህልዎ እሙናት ጓሶት ክረክብ እንከሎ እዩ። ምንጪ ጓሶትና ዝፈሪ ገዳምና እምብአር ምስ እምነትና አተሓሒዝና ክንርእዮ እንከሎና ጥራሕ እዩ ጥቕምን በረኸትን ዘርአ ክህነት ዝርድአና። እዚ ገዳም ማእከል እምነትን ትምህርትን ተስፋን ቤተ ክርስትያናን እዩ። ስለዚ እናፍረየ ደልዲሉ ክቕጽል ህዝበ እግዚአብሔር ዓይኑ ከውድቐሉ አብ ኩሉ ዝድለ አብ ጎኑ ክርከብ እንከሎ ቀጻልነቱን ፍሪኡን ብሩህ ይኸውን።

ዘመና ዋሕዲ እምነትን ዋሕዲ ጸዋዕታ ክህነትን አብ ዝርአየሉ እዋን እሞ አብዚ ከቢድ ፈታኒ እዋን ዘርአ ክህነትና ዝፈርዮ ዘሎ ርአዩለይ ዘድልዮ አይኮነን በዚ አጋጣሚ ነዚ ክዉን ክኸውን ዝሓገዙ ዝጽዓሩ ብፍላይ ካብ ጽባሕ ምስረታ ኤጳርቅናን ብልቢ ክነምስግኖም ጽቡቕ እዩ። ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም ይብለና ወንጌል ሎሚ ኤጳርቅናን ብመንእሰያት ካህናት ተሰሊማ ተስፋ ኩሉ ኮይና እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። እዚ ዝኾነ ቅዱስ ህዝብን ቅዱሳት ካህናት ስለ ዘለዉና እዩ። ሎሚ ኤጳርቅናና ንኻልኦት ጽጉማት ወገና ከም ቀደም ሎሚ እውን ክትሕግዝ እንጽበዮ ካልእ ተስፋና እዩ።

አምላኽ ባሪኹና ንኹሉ ዝኸውን በረኸት አብ ኤጳርቅናን ይርአ አሎ። ካልኦት ወገና ክንሕግዝ በረኸት እዩ ዘውርደልና እሞ ክሕሰበሉ ጽቡቕ እዩ። ዓይኒ ዘርአ ክህነትና አብ ኩሉ ዝጠመተ እዩ እሞ አገልግሎት ካህናት ንዝወሓዶም ክንልአኽ ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና።

አነ ሓደ ካብቶም ናይ 100 ዓመት ክብዓል እንከሎ ዝነበርኩ እየ። ሎሚ ናይ 150 ክብዓል እንከሎ ምሳኹም ኮይነ ከመስግን ክጽሊ ክንደይ ጽቡቕ ነሩ፥ ብዝኾነ እዋኑን ራሕቂ ዓድን አይፍቀደን እሞ ብመንፈስ ምሳኹም ሓቢረ እጽልን አመስግንን አሎኹ። ብቐረባ ከም ወዲ ኤጳርቃን ብፍሉይ ከአ ድሕሪ ምስረታ ኤጳርቅናን ከም ሓለቓ ገዳም ኮይነ ስለ ዘገልገልኩ ብፍሉይ ክብርን ሓጎስን ይስምዓኒ። ዝጸለኹሉ ዝዓበኹሉ ዘገልገልኩል ገዳመይ አብዚ ንዝብጽሖ አምላኽ ተመስገን እብል።

ነቶም ኩሎም ብሞት ዝሓለፉ ኣቦታት እናኣመስገንኩን እናጸሎኹን ምሳና ትሓጎስ እብል። ነቶም እተገልግሉ ዘሎኹም እሞ ኣብዚ ከቢድ በዳሂ እዋን ኣጆኹም ብጸሎት ብኹሉ ዓቕምና ብዝፈቕዶ ኣብ ጎንኹም ኣሎና። ንዘዕበየናን ነዚ ኮናዮ ዘሎና ክንከውን ዝገበረ ገዳምና ኣብ ጎንኹም ኣሎና። ሰብ ስንቁ ተስፋ እዩ፥ ኣብ ጽንኩር እዋን ዘሓለፈ ገዳምና ሎሚ እውን ጸጋ ኣምላክ ስለ ዘይተፈልዮ ንኹሉ ፈተናን ጸበባን ሰጊሩ ቀጺሉ ኣገልገልቲ ክርስቶስ ከፍሪ እዩ።

ብርሃንኩም ኣብ ዓለም ይብ ራህ ዝበለና ክርስቶስ ሎሚ ከምትማሊ ኣብዛ ወድ ሰብ ብጸላም ተጎልቢቡ ክርኢ ጸጊምዎ ኣብዘለዎ እዋን ዘርኢ ክህነትና ብርሃን ክርስቶስ ከብርህ ንቤተ ክርስትያናን ህዝብናን ተስፋ ኮይኑ ክቕጽል ጸሎተይን ተስፋይን እዩ። ብርግጽ ኩሉ ጊዜ ጸረ ክርስቶስ ኣሎ እዩ እሞ ብፍቕሪ ክርስቶስ ክንስዕሮ፥ ነቲ ክፉእ ብጽቡቕ ስዒርና ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ክንመልሶ ባእሉ ይሓግዘና።

ኣምላኽ ንቤተ ክርስትያና ጸግኡ የብዝሓልና ኣማልድነት ቅዱስ ሚካኤል ኣይፈለየና። ዘርአ ክህነትና ኣማልድነት ወላዲተ ኣምላኽ ኣጽሊልዎ ቅዱሳትን ውፉያትን ኣገልገልቲ ዘፍሪ ይግበረልና።
ኣብዚ ልደት መድኃኒ ክነብዕል ኣብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን ኢየሱስ ሕፃን ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ተወሊዱ እንደልዮ ሰላምን ምሕረትን የውርደልና። ርሑስ ብዓለ ልደትን ጥምቀትን ብዓቢኡ ኸአ ቅዱስ ብዓለ ኢዮቤል ይግበረልና እብል።

ምስ ልባውን ሕይውነታውን ሰላምታ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ